# <u>መልእኽቲ ንኹሉ ኤርትራዊ ኣብ ቦስቶንን ከባብን</u>

ዝኸበርኩም ኤርትራውያን፥

ኣቐዲምና ዝኸበረ ሰላምታ ነቕርብ፥ ኣሰዒብና ድማ፥ ኣብ መዓልታዊ መነባብሮኹም ኣሳልጦ ንምነ።።

እዚ መልእኽቲዚ መልሲ ነቲ ዝሓለፈ ሰሙናት ኣብ ወርሒ ሚያዝያ ብግዚያዊት ሽማግለ ምቛም ኤርትራውያን ማሕበረ-ኮም እትብሃል ዝተዘርግሐ ደብዳቤ እዩ።።

ማሕበር ምትሕግጋዝ ኤርትራውያን (ማ.ም.ኤ.) ልዕሊ 22 ዓመታት እገብር ክምስረት ከሎ ብዝሓንጸጾ ዕላማ መሰረት፥ ንዝኾነ ኤርትራዊ ዜጋ ኣብ ቦስቶንን ከባብን ዝነብር፥ ብዘይ ናይ ፖለቲካ፥ ሃይማኖት፥ ጾታ ፍልልይ ብስኒት ጠርኒፉ፥ ኤርትራዊ ክብሪ ማለት ባህልን፥ ቋንቋን፥ ታሪኽን ንምዕቃብ፥ ከማኡውን ኣብ ስደት ንዝውለዱ ዘለዉ ደቅና ንምስግጋር ዝሰርሕ ዝነበርን ዘሎን ሲቪካዊ ማሕበር እዩ።። ከምዚ ዓይነት ቅዱስ ዕላማ ድማ፥ ኣብዚ ከባቢና ጥራሕ ከይተወሰነ ኣብ መላእ ዓለም ማለት ኤርትራዊ ዘለወሉ ቦታ፥ ክዕንብብ ምንዮትና እዩ።። እቲ ምንታይ፥ መንነትን መሰልን፥ ክብርን ናይ ዝኾነ ኤርትራዊ ዜጋ፥ ኣብ ዝኾነ ቦታን እዋንን ክሕሎን ክኽበርን ስለዝግባእ።።

ኣብ ወጻኢ ብፍላይ ድማ ኣብ ቦስቶንን ከባብን፥ እንርከብ ዜጋታት ድሕሪ ነጻነት ሃገርና፥ ንምድልዳል ኤርትራዊ ማሕበረ-ኮም፥ ዝግባእ ኣቓልቦ ስለ ዝተገብረሉ፥ ኩሉ ዜጋ በብዓቕሙ፥ ኣብ ርእሲ እቲ ወፊያ ንምክልኻል ሃገር፥ ፍሉይ ውጽኢታት ብምግባር ኣብዚ ከባቢና ብማንም ኣፍሪቃዊ ማሕበረ-ሰብ ዘይተገብረ ናይ ገዛእ ርእሱ ማእከል ክውንን በቒዑ እዩ።። እዚ ማእከል እዚ ናይ ኩሉ ኤርትራዊ ዜጋን ደቅናን እዩ።። ንኹሉ ኤርትራዊ ዜጋ ድማ ኩፉት እዩ።። ፖለቲካዊ ኣተሓሳስብኡን ሃይማኖታዊ እምነቱን ብዘየገድስ።።

ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ መጋቢት 19, 2005 ብወከልቲ ቆንስላዊ ጉዳያት ዝተጸውዐ ኣኼባ ሓድሽ ማሕበረ-ኮም ንምምስራት ግዝያዊት ሽማግለ ከምዘቖሙ ይዝከር።። ካብቲ ሽዑ ዝነበረ መንፈስ ናይቲ ኣኼባ ግን፥ ሓድሽ ኮሚኒቲ ምምስራት ኣድላይ ከምዘይኮነ ብዙሓት ተሳተፍቲ ርኢቶኦም ሂቦም ኢዮም።። እዚ ርኢቶ እዚ ድማ ዳርጋ ናይ ኩሉ ኤርትራዊ ኣብዚ ከባቢ ዝነብር እዩ።። እሞ እንታይ ንምርካብ ድኣ እዩ ብኣንጻር ናይ ህዝቢ ድልየት ሓድሽ ማሕበረ-ኮም ንምምስራት ወከልቲ ቆንስላዊ ጉዳያትን ሰዓብቶምን ላዕልን ታሕትን ዝብሉ ዘለዉ።። እቲ ቀንዲ ሕቶ ግን ንምንታይከ ነዚ ዘሎ ኮሚኒቲ ጠንጢኖሞ ወጺኦም እዩ።። ወረ ጠንጢኖሞ ወጺኦም ጥራይ ዘይኮነስ፥ ብዙሕ ግዜ ነቲ ዘሎ ማእከል ንክዕጾ ጽዒሮምውን ኢዮም።። ብተደጋጋሚ ንፖሊስ ብምድዋል ማ.ም.ኤ ብዘይ ሕጊ ከምዝሰርሕ ኣምሲሎም ክዕጽውዎ ዘይፈተንዎ ነገር የልቦን።። ተመሊስካ ትረድኦስ ሓዲግካዮ ኣይትእቶ ከምዝብሃል፥ እዞም ሰባት እዚኦም ኣብ ዝሓለፈ ኣኼባታቶም ናይ ኩሉ ኤርትራዊ ጽላል ዝኸውን ገዛ ከምዘየድልዮም፥ ብዝተፈላለየ መንገዲ ገሊጾምልና እዮም።። ገዛናን ንብረትናን ኢዩ ኢሎም

ዝሓስቡ ነይሮም እንተዝኾኑ ንጥፍኣቱ ኣይምተጓየዩን፡፡ ከም ሓቂ ግን ማ.ም.ኤ ድልየት ወከልቲ መንግስትን ሰዓብቶምን ንከማልእ ዘይፈተኖ ነገር የልቦን፡፡

ኣብ ጉባኤን ኣኼባታት ቦርድን ዝተሰማማዕናሉም መተዓረቒ ክኾኑ ዝኽእሉን፡ ዘቀራርቡን ነጥብታት ካብ ኣኼባ ድሕሪ ምውጻእ ንሕጊ ማሕበር ብምጥሓስ፡ ናቶም ፍሉይ ኣኼባ ብምክያድ ኣንጻር ማ.ም.ኤ ኣድማ ክገብሩ ጀመሩ፡፡ ኣብቲ ፊለማ ኣብ ጉባኤ ንዝመረጸም ኣባላት ቦርድ ካብ ሓላፍነቶም ከውርድዎም ብዙሕ ፈቲኖም፡ ቀጺሎም ድማ ነቶም ዝተሰማማዕናሉም ነጥብታት ብፍላይ ድማ ሃገራዊን ህዝባዊን በዓላት ዝምልከት ናይ በይኖም ኣኼባ ብምግባር ነቲ ዝተበጽሐ ስምምዓት ንከይትግበር ሓንጊዶም፡፡ ሃገራዊ በዓላትና ብማ.ም.ኤ. ከነብዕሉም ድሕሪ ምስምማዕ፡ ንበይኖም ተፈልዮም ከብዕልዎ ወሲኖም ብኡ ድማ ይቕጽሉ ኣለዉ፡፡ ነዚ ጸይቂ ዝኾነ ሜላታቶም ንምትግባር ድማ፡ ንገለ ብምትላል ንገለ ድማ ብምፍርራሕ ኣብቲ ንሶም ዘካይድዎ በዓላት ጥራሕ ክሳተፍ ጽዒሮም፡ ገናውን ነዚ ናይ ምፍልላይ ሜላታት ይቕጽልዎ ኣለዉ፡፡ ኣዳራሽ ማ.ም.ኤ. ከም እምነትን ድልየትን ናይ ኩሉ ኤርትራዊ ኮይኑ ኩሉ ኤርትራዊ ዜጋ ድማ ክእከበሉን ክጽለለሉን እዩ ነይሩ እቲ ዕላማ፡፡ መርኣያ ናይዚ ድማ፡ ወከልቲ መንግስቲ ኤርትራ ኣብቲ ዝግበር ሃገራዊ በዓላትና መልእኽቶም ከመሓላልፉ፡ መደባቶም ኣብ ኣዳራሽና ክተግብሩ፡ ከምኡውን ማዕረ-ማዕሪኡ ውልቀሰብ ይኹን ብሕታውያን ማሕበራት ነዚ ኣዳራሽ ክጥቀመሉን ዘፍቀደ ማሕበር እኳ እንተኾነ፡ ኣብዚ ዝሓለፈ ሰለስተ ዓመታት በቲ ኣብ ሃገርና ተፈጢሩ ዘሎ ናይ ፖለቲካ ቅልውላው ምኽንያት ብምግባር ኣዳራሽና ንግዚኡ ብዘይካ ኣምባሳዶር ሃገረ ኤርትራ፡ ካልእ ናይ ፖለቲካ መደባት ኘኽይግበር፡ <u>ብሓባር</u> ኣብ ጉባኤ ናይ 2003 ዓ.ም. ምርድዳእ ተገይሩ እዩ፡፡ ወከልቲ ቆንስላዊ ስርሓትን ሰዓብቶምን ግን ኣይፋል፡ ንሕና ዘይንፈትዎን ዘይንደልዮን ኣብዚ ገዛ እዚ ኣይኣቱ ኣይእከብ ብምባል ብዙሕ ጸገማት ፈጢሮም፡፡

ሓደ ነገር ዘይተረድእዎ ወይ ድማ ክርድእዎ ዘይደልዩ ጉዳይ ግን፡ ኣብ ሓደ ሃገር ዝነብር ህዝቢ ዝተፈላለየ እምነትን ርእይቶን ፖለቲካዊ ጸግዕነትን ክህልዎ ንቡር እምበር ነውሪ ኣይኮነን፡፡ ስለዚ ህዝቢ ምስ ፍልልያቱ ነባሪ፡ መንግስቲ ግን ምስ ፖለቲካ እምነቱ ሓላፊ እዩ፡፡ ካብዚ ተበጊስካ ድማ ኮሚኒቲ ንህዝቢ ድዩ ወይስ ንመንግስቲ ከገልግል ዝብል ሕቶ ይመጸካ እሞ፡ ብርግጽ ኮሚኒቲ ንህዝቢ ከገልግል ቀዳማይ ዕላምኡ ይኸውን፡፡ እቲ ህዝቢ ግን ኣብ ውሽጡ ድላዩ ካልእ ምርጫታት ክህልዎ ይኽእል፡፡ ገሊኡ ናይ እዚ ዘሎ መንግስቲ ፖለቲካ ክድግፍ ይኽእል፡ ገሊኡ ከኣ ነዚ ዘሎ መንግስቲ (ብዝተፋላለየ ምኽንያት ዘይተሓጎሰሉ) ከይድግፎ ይኽእል፡፡ ካልእ ክፉል ናይቲ ህዝቢ እውን እዝን እትን ከይበለ ወገን ከይፈለየ ዝነብር እውን ኣሎ፡፡ እዚ ዓይነት ናይ ህዝቢ ተርእዮ ድማ ንቡርን ቅቡልን እዩ፡፡ ስለዚ ማ.ም.ኤ. ምስ ኩሉ ፍልልያትና ከም ደቂ ሓንቲ ሃገር ብሓንሳብ ኘኹን ይብል፡፡

ኣብ መደምደምታ፡ ንሕና፡ ኣባላት ቦርድ ማ.ም.ኤ. እዚ ኣዕናዊ ዝኾነ ምንቅስቓስ ኣብ ከባቢና እናተኻየደ ስቕ ኢልና ክንርኢ ግቡእናን መሰልናን ዘይምፍላጥ ስለ ዝሕብር፡ ንቐጻልነትን ህላዌን ማሕበርና ከይሰልኬናን ጉልበትና ከይቆጠብናን፡ በዚ እንነብረሉ ዘሎና ሃገር ዝተፈቕደልና ሕገ-ማሕበር መሰ?ት፡

ብሕጋዊ ኣገባብ ክንሰርሕ ምኽና ነፍልጥ። ብተወሳኺውን ህዝቢ ቦስቶን ሓላፍነት ወሲዱ ነዚ ዝግበር ዘሎ ኣንጻር ማ.ም.ኤ. ገስጋስ ዓገብ ክብልን ንዘሎ ሽግራት ክፈትሕን ብትሕትና ንጽውዕ።

በዚ ኣጋጣሚ ምስዚ መልእኽቲ ንዝተፈላለዩ መደባትና ዝገልጽ ዕድመ ኣተሓሒዝና ንልእኸልኩም ኣሎና። ኣብዚ መደባት እዚ ክትካፈሉ ብኽብሪ ንዕ ድም።

ማሕበር ምትሕግጋዝ ኤርትራውያን
ኣካያዲት ሽማግለ

# ምኽባር በዓላት መዓልቲ ነጻነትን፣ መዓልቲ ሰማእታትን

<u>ቀዳማይ፣</u> ብምኽንያት መበል 14 ዓመት በዓል ነጻነት ኤርትራ ንቀዳም

ግንቦት 21 (May 21) 2005

ሰዓት 9፡00 PM - 2፡00 AM

ሙዚቃ ብDJ

መእተዊ $20፡00

ቦታ ኣዳራሽ ማ.ም.ኤ. (ECC- Boston)

<u>ካልኣይ፣</u> ብምኽንያት መዓልቲ ሰማእታት

ንሰንበት ሰነ 19 (JUNE 19) 2005

ሰዓት 7፡00 PM - 9፡00 PM

ኣብ ኣዳራሽ ማ.ም.ኤ. ሽምዓ ከነብርህ ስለ ዝኾና

ብሰዓትኩም ክትርከቡ ንሕብር

<u>ሳልሳይ፣</u> ጉባኤ

<u>ንኹሉ ኣባል ማሕበር ምትሕግጋዝ ኤርትራውያን ቦስቶንን ከባብን</u>

ማ.ም.ኤ. ንሰንበት ዕለት ሰነ 26 (JUNE 26) 2005 ካብ 4፡30 ድ.ቀ. ጀሚሩ ዓመታዊ ጉባኤ ክካይድ ስለ ዝኾነ፣ ኩልኹም ኣባላት ሰዓትኩም ኣኽቢርኩም ኣብ ኣዳራሽ ማ.ም.ኤ. ክትርከቡ ብኽብሪ ንዕድም፡፡